# ዜና ጥቅምቲ 19፡ 2007

**ሚኒሰተትሪ ወጻኢ ጉዳያት ኢትዮጵያ፡ ውዕል ሰላም ኢትዮ-ኤርትራ ኣብ ዝኸፍአ ኩነታት ይርከብ፡ ብሰንኪ ዘይቅሩብነት ኤርትራ ድማ ምሕንጻጽ ዶብ ክትግበር ኣይከኣልን'ዩ ይብል።**

ብመሰረት ኣገልግሎት ዜና ኢትዮጵያ፡ ሚኒስትሪ ውጻኢ ጉዳያት ኢትዮጵያ እቲ ክሳብ ሕጂ ክካየድ ዝጸንሐ ናይ ሰላም ፈተነ ኣብ ሓደገኛ ኩነታት ከምዝርከብን፡ ኤርትራ ቅርብቲ ስለ ዘይኮነት ምሕንጻጽ ዶብ ክትግበር ኣብ ዘይከኣለሉ ደረጃ በጺሑ'ሎ ይብል።

ብዘይካ'ዚ እቲ ዜና፡ ትማሊ ሓሙስ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ኢትዮጵያ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ኤርትራ ክዘራረብን ክልቲኤን ሃገራት ናብ ንቡር ዝምድና ንምምላስ ጻዕርታት ኽገብርን ኽምዝጸንሐ ይዛረብ።

እቲ ምኒስትር ብተወሳኺ፡ ኤርትራ ካብቲ ወተሃደራታ ኣዋፊራትሉ ዘላ ናይ ጸጥታ ዞባ ክትስሕብ፡ ኣብ ልዕሊ ኣንሚ ትወስዶ ዘላ ናይ እገዳ ተግባራት ከተልዕሎን፡ እታ ሃገር ምስ ውዕላትን መትከላትን ናይ ምቁራጽ ተጻብኦታት ክትሰማማዕን ብእኦም ክትውሰንን እቶም ቀንዲ ኣብዚ እዋን ክትግበሩ ዘለዎም ቅድመ-ኹነታት ከምዝኾኑን ክሳብ ሕጂ መልሲ ካብ ኤርትራ ትጽበ ከምዘላን ይሕብር ይብል እቲ ዜና።